**6ይ ሰንበት ናይ ክረምት**

1ይ ዲያቆን:- ቲቶ 3፣1-15 (Titus)
2ይ ንፍቅ ዲያቆን:- 1ይ ጴጥ 4፣6-12 (Peter)
2ይ ንፍቅ ካህን:- ግብ 28፣ 1-17 (Acts)
1ይ ካህን:- ማር 6፣ 47-57 (Mark)
መዝሙር ዳዊት፡- የዐርግ ደመናተ እምኣጽናፈ ምድር ወገብረ መብረቀ ለጊዜ ዝናም ዘያወጽኦም ለነፋሳት እመዛግብቲሆም። መዝ 135፣7።
He makes clouds rise from the ends of the earth; he sends lightning with the rain and brings out the wind from his storehouses. Psalms 135.7.

ቅዳሴ፡- ኤጲፋንዮስ
ያሬዳዊ መዝሙር፡- በሰንበት ቦኣ ኢየሱስ ምኹራቦሙ ለኣይሁድ
መዝሙር ዳዊት፡- ንግመ ኻብ ወሰን ምድሪ የልዕሎ፣ ንመባርቕ ኣብ ዝናም ይገብሮ፣ ንንፋስ ካብ መዝገቡ የውጽኦ።መዝ 135፡7።

# ጉዕዞ ክርስቶስ ኣብ ልዕሊ ማያት

ካብ ሰነ 26 ክሳብ መስከረም 25 ኣቆጻጽራ ግእዝ (July 9 to October 4) ዘሎ እዋን ቤተ ክርስትያን ተዋህዶ ዘመን ክረምቲ፣ ዘመን ኣፍላግ፣ ጥሉል ወርሓት፣ ወርሓት ደበና፣ ወርሓት ነጎዳን መብረቕን እናበለት ትጽውዮ።

ድሕሪ እቲ ናይ በረኸት ሕብስቲ፣ ማለት ክርስቶስ ብሓሙሽተ እንጌራን ክልተ ዓሳን ንሓሙሽተ ሽሕ ሰባት (ብዘይ ህጻናት) ምስ መገቦም፣ ዓሰርተ ክልተ መሶብ እንጌራ ከምዝተረፈ ኣብ (ማርቆስ 6፣35-44) ተጠቒሱ ኣሎ። ድሕሪ'ዚ ናይ በረኸት መኣዲ፣ ክርስቶስ ነቲ ህዝቢ ክሳብ ዜሰናብቶ፣ ብኡብኡ ንደቀ መዛሙርቱ ናብቲ ቤተ ሳይዳ ዝበሃል ማዕዶ ብጀልባ ገይሮም ክሳገሩ ኣዘዞም። ድሕሪ እዚ ክርስቶስ ክጽሊ ናብ ከረን ደየበ። ምድሪ ምስ መሰየ፣ እታ ጀልባ ኣብ ማእከል ባሕሪ ነበረት፣ ንሱ ድማ በይኑ ኣብ ምድሪ ነበረ። ንፋስ ብቕድሚኦም ነበረ እሞ፣ ኪኸዱ ኽለዉ ብማዕበል ኪጭነቑ ረኣዮም። ብራብዓይ ምቃል ለይቲ ኣቢሉ፣ ባሕረ ባሕሪ እናኸደ ናባታቶም መጸ ኺሓልፎም'ውን ደለየ። ንሳቶም ግና ባሕሪ ባሕሪ ኪኸይድ ከሎ ምስ ረኣይዎ፣ ምትሃት መሲልዎም ጨርሑ። ኩሎም ረኣይዎ እሞ ሰምበዱ። ብኡብኡ ኸኣ፣ ኣጆኹም፣ ኣነ እየ፣ ኣይትፍርሑ፣ ኢሉ ተዛረቦም። ናባታቶም ከኣ ናብ ጀልባ ኣተወ። እቲ ንፋስ ድማ ሃድአ። ንሳቶምውን ብዙሕ ተገረሙ። ልቦም ተደፊኑ ነበረ እሞ፣ እቲ ናይ እንጌራ ነገር ኣየስተውዓልዎን (ማር 6፣ 45-52)።
ክቡራት ኣንበብቲ፣ ህድእ ኢልና እንተድኣ ኣስተውዒልና፣ ካብዚ ኣብ ላዕሊ ዘንበብናዮ ጽሑፍ ብዙሕ ኢና ንመሃር። ክርስቶስ ንሃዋርያት ነቲ ባሕሪ ክሰግርዎ ምስ ኣዘዞም፣ ክሰግሩ ከለዉ ብዙሕ ተሸጊሮም፣ ነቲ ባሕሪ ግና ሰጊሮሞ እዮም። ንድኸመቶም ኣሸኒፎሞ እዮም። ሰብ ብትእዛዝ ናይ ፈጣሪኡ እንተደኣ ተመላሊሱ፣ ካብ ፈተናን መከራን ነጻ እዩ ማለት ኣይኮነን። እናሻዕ ፈተናን ሽግርን ኣሎ። ሰብ ከም ቃል ፈጣሪኡ እንተተመላሊሱ ግና ንፈተና ይስዕሮ እምበር ብፈተና ኣይሰዓርን እዩ። (ዮሃ 15.18)። ከም ቃሉ እንተተመላሊሱ ጎይታ ድማ ምስኡ ኣሎ።(ዮሃ 14.23)። ከም ቃሉ እንተተመላሊሱ፣ ጎይታ ይድግፎ እዩ። ነቲ ፈተናን ጸርፍን ዘስዓበሉ ኣገልግሎቱ ይባርኸሉ፣ በዚ ኣገልግሎት'ዚ ድማ ንርእሱን ንኻልኦትን ይረብሕ። ብመርከብ ክትሰግሮ ዘይከኣል ባሕሪ፣ ጎይታ ብኣጋር ክሰግሮ ምርኣይ ዝገርም ተኣምራት'ዩ።

ጎይታ ነቲ ባሕሪ ከም ብደረቕ መሬት ብእግሩ ሰጊርዎ። ንሕና ብብዙሕ ዕጥቂ ተደጊፍና ክንገብሮ ዘይንኽእል፣ ክርስቶስ መድሃኔ ዓለም ግና ብኽምኡ ክገብሮ ይኽእል እዩ። ጥበብ ሰብ፣ ምስትውዓል ሰብ፣ ሃብቲ ናይ ሰብ ክሰርሖን ክገብሮን ዘይከኣለ፣ ጎይታ ብዘይ ዝኾነ ደገፍ፣ ብዘይ ዝኾነ መሳርሒ ብኽእለቱ ይገብሮ እዩ። ሃዋርያት ብጀልባ ክሳገርዎ ዝኸበዶም ባሕሪ፣ ጎይታ ግና ብእግሩ ሰጊርዎ። ንጸበባና ናብ ራህዋ ዝቕይር፣ ንዘጨንቐና ነገር ኩሉ፣ ብተስፋ ዝልውጥ፣ ኣብ ልዕሌና ኸፍኣት ንዝሓስቡ ዘዐግስ ጎይታ፣ መድሃኔ ዓለም ኣምላኽና ጥራይ እዩ።

ሃዋርያት ምትሃት መሲልዎም፣ ንሱ ግና ጎይታ እዩ።
ሃዋርያት ነፍሲ ዘጥፍእ መሲልዎም ሰምበዱ፣ ንሱ ግና ነፍሲ ዘድሕን ኤልሻዳይ ጎይታ እዩ።
ሃዋርያት ጎይታ ባሕረ ባሕሪ ኪኸይድ ርእዮም ኣይፈልጡን እዮም፣ ምስ ረእይዎ ግና ተገረሙ።
ኣምላኽ በብመዓልቱ ንዓና ሓድሽ ነገር ይህበና እዩ። ነፍስና ድማ ንጎይታኣ ብምድናቕ ንጎይታ እተመስግነሉ ኩነት ካብኡ ትረክብ።

ነቲ ንባሕሪ ከም ብደረቕ መሬት ዝሰግሮ፣ ንሰማያት ድማ ከም ነጸላ ዝውንዝፎ፣ ነቲ ኣብ ጸበባ ፍጡን ረድኤት ዝኾነ ጎይታ ክብሪ ይኹኖ። ኣሜን።

ትርጉም፡ ብክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ን/ሃገረ ስብከት፣ ኤርትራዊት ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ሰሜን ኣሜሪካ። ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።